# መተንባህታ ናይ ህዝባዊ ጥዕና መምርሒታት

| | |
|---|---|
| ኣብ ውሽጢ መጋባእያ ሓዊስካ: ኣብ ክፍልታት ቤት ፍርዲ ኢሚግረሽን መሸፈኒ ገጽ ክድልዩ ይኽእል እዩ። | ናይ ገጽ መሸፈኒ (ማስክ) ይሃልኹም - ድሉዋት ኩኑ።<br><br>ገለ ሰባት ዘለዎም ናይ ጥዕና ጸገም ናይ ገጽ መሸፈኒ (ማስክ) ከይገብሩ ዝኽልክሎም እንተኾይኑ: ከም ኣገዳስነቱን ኣብ ግቡእ ግዜን ነቲ ዳኛ ኩነታቶም ክፍልጥዎ ይግባእ። |
| **ርሕቐትካ ምሕላው** ከም ዝህሉ ተገይሩ ኣሎ። ካብቶም ምሳኹም ዘይነብሩ ሰባት ናይ ሽዱሽተ ፊት ርሕቐት ምሕላው የድሊ። | ርሕቐት እናሓለኻ ምስማዕ ጉዳያት ንምቅልጣፍ: ካብ ሓደ ቦታ ክትርሕቑ ወይ ድማ ክትእለዩ ክትሕተቱ ትኽእሉ ኢኹም።<br><br>ብኽብረትኩም ኣብ ውሱን ቦታ ወይ ኮፍ መበሊ ክትኮኑ ካብ ሰራሕተኛታት ወይ ብምልክታታት ንዝወሃበኩም መምርሒታት ተኣዘዝዎ። ኣብ ሓደ ውሱን ቦታ ኮፍ ክትብሉ እንተድኣ ተሓቢርኩም: እቶም ሰራሕተኛታት ቤት ፍርዲ ይፍቀድ እዩ ከይበሉኹም: ኮፍ መበሊ ኣይትቐይሩ። |
| ናብ ህንጻ ወይ ናብ መደየብን (ኤሊቨተር) ናብ ክፍሊ ቤት ፍርዲ (EOIR) ንምእታው ዘድሊ ናይ **ምጽባይ ግዜ** ካብቲ ንቡር ወይ ካብቲ ትጽበይዎ ኣዝዩ ነዊሕ ክኸውን ይኽእል እዩ። | ነዚ ናይ ምጽባይ ግዜ ኣብ ግምት ብምእታው ኣብ ቤት ፍርዲ ኣብ ግዚኡ ንምርካብ ዘድሊ ምቅርራባት ግበሩ። |
| **ዝተወሰነ ቁጽሪ** ከምዝእንገዱ ተገይሩ ኣሎ። | ኣብቲ ምስማዕ ጉዳይኩም ክህልዉ ዝሕተቱ ሰባት እንተዘይኮይኖም: ብኽብረትኩም ካልኦት ሰባት ናብ ቤት ፍርዲ (EOIR) ኣይትማልኡ።<br><br>ናይ ህንጻን ናይ ኢሚግረሽን ቤት ፍርዲ ምቕራብን ዝምልከት መምርሒታትውን ክትግበር እዩ። |

ንጉዳይኩም ዝምልከት ንጹር ሓበሬታ ንምርካብ፣ ኣብ ኣውቶሜትድ ኬይዝ ኢንፎርሜሽን ፖርታል (Automated Case Information Portal) ምውካስ ይከኣል ወይ ድማ 800-898-7180 ደዊልኩም ምስ ጉዳይኩም ዝተኣሳሰር ቁጽሪ መዝገብ የእትዉ።

ንመስርሕ ኣገባባት ናይ ኢሚግረሽን ቤት ፍርዲ ዝምልከት ሓበሬታን ንጉዳይኩም ዝሕግዘኩም መወከሲ ሓበሬታ ንምርካብ ብኽብረትኩም ናይ ኢሚግረሽን ቤት ፍርዲ ኦንላይን ጺጋታት (Immigration Court Online Resource (ICOR)) ተወከሱ።

መጨረሽታ ዝተሓደሰሉ፥ ግንቦት 2021